Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# እስኪ ክንመኽረኩም

## ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንስደተኛታት

TIGRINISCH



Integration

JUGEND
MIGRATIONS
DIENSTE

MBE
Migrationsberatung
für erwachsene Zuwanderer



# ተረባሕቲ ናይ ነጻ ክፍሊትን ውልቃውን ዝኾነ ኣገለግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንስደተኛታት ኩኑ፡

## ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ንዓበይቲ ስደተኛታት (MBE) ን ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንመንእሰያት ስደተኛታት (JMD)

**ጥቕምታት ውልቃዊ ምኽርን ማዕዳን**

ኣብ ፈለማ ኣብ ጀርመን ብዙሓት ነገራት ፍሉያትን ዘይልሙዳትን ክኾንኹም እዮም። ወላ እውን ኣብ ጀርመን ነዊሕ እዋናት እንተተቐመጥኩም ፡ ገና መልሲ እተናድዩሎም ሕቶታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ንዓኹም ዝኸውን ሓገዛት ንምልጋስ ፡ ካብ ፈለማ ኣገልግሎታት ውልቃዊ ምኽርን ማዕዳን ከሙኡ እውን ደገፋት ፡ ተሰሪዑልኩም ኣሎ። እዚ ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ዳርጋ ኣብ ኩሉ ነገራት ደገፋት ዝልግስ መደብ እዩ። ብኸምዚ ፡ ንዘጋጥሙኹም ውልቃውያን ጉዳያት ብኸመይ ባዕልኹም ብዘይ ናይ ዝኾኑ ኣካላት ሓገዛት ክትፈትሕዎምን ውሳኔ ክትወስዱን ዝምህር ከኣ እዩ።



## ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንመንእሰያትን ዓበይትን ስደተኛታት

እዚ መደብ ምምኻር ንስደተኛታት ማዕዳን ምኽርን ንዓበይቲ ስደተኛታት ፡ ንካብ ልዕሊ 27 ዓመት ዘለዉ ይመክርን የሰንን።

ኣገልግሎት መደብ ምምኻር ንመንእሰያት ንስደተኛታት ማዕዳን ምኽርን ንመንእሰያት ፡ ዝተፈላለየ ናይ ስደት ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 27 ዓመት ንዘለዉ ይመክርን የሰንን።

ከም መትከል ፡ ምስ ክልቲኦም ወሃብቲ ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ናይ ዓበይትን መንእሰያትን ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርታ እትገብርዎ ቃለ መሕትት ፡ እቲ ዝስዕብ መስርሓት በቶም ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ዝልግሱ እዩ ዝወሃሃድ። ውልቃዊ ኩነታትኩምን ኩነታት ኣባላት ስድራቤትኩምን እዮም እቶም ኣብ ግምት ዝኣትዉ።

## ዝሓሹ ዕድላት ብመንገዲ ውልቃዊ ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን

እቶም ኣባላት ማእከላት ወሃብቲ ምኽርን ማዕዳን ንቛንቛ ናይ መበቆል ዓድኹም ብልምዲ ንኽርድእዎ ይገብር። ብተወሳኺ ፡ ማሕበራዊ ፡ ባህላዊን ሃይማኖታውን ኣተሓሳስባኹምን ባህሪያትኩም ይፈልጡ። ምሳኹም ብሓባር ብሙኧን ከኣ መባእታውያን ምስ ጀርመን ንኽትላለዩ ዝሕግዙኹም ናይ ፈለማ ከም መምርሒታት ዘገልግሉኹም መደባት የማዕብሉ። እቶም ምኽርታትን ማዕዳታትን ኣብ ውልቃዊ ክእለታትኩምን ፍልጠትኩምን ዘተኮሩ እዮም። ካብቶም ዝወሃቡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ደገፍ ፡ ንዓኹም ከገልግል ዝኽእልን ብቐሊሉ ኣብ ጀርመን ንክትሰፍሩ ዝሕግዙን መንገድታት ክትረኽቡሎም ኢኹም።

ኣብ እዋን ምኽርን ማዕዳን ንኹሎም ኣርእስታት መዓልታዊ ሂወትኩም ከተልዕሉዎም ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፡

- ንሕጊ ዝምልከት ሕቶታት ብዛዕባ መንበረኹም
- ምምሃር ቋንቋ ጀርመን (ንኣብነት ፡ ኣብቲ ናይ ውህደት ስልጠናታት ብምስታፍ)
- ብዛዕባ ስሩዕ ትምህርቲ ፡ ሞያዊ ስልጠና (ንኣብነት፣ መርሓት ሂወት ትምህርቲ ፡ መንገድታት ስልጠና ፡ ሞያዊ ብቕዓታት ምፍላጥ)
- ክኢላዊ ንጥፈታት (ንኣብነት ፣ ስልጠናታት ብኸመይ መመልከቲ ስራሕ ከምእተቕርቡ ፡ ምድላይ ስራሕ)
- ቁጠባዊ ኩነታት (ንኣብነት፣ ብዛዕባ ኣታዊታት ፡ ልቓሕ ፡ ዕዳታት)፡
- ብዛዕባ ገዛ (ንኣብነት፣ ብኸመይ ገዛ ትረኽቡ ፡ ገዛ ብኸመይ ክትከፍሉዎ ትኽእሉ)
- ጥዕና (ንኣብነት፣ መድሕን ጥዕና ፡ ሕክምናዊ ክንክን)
- ውልቃዊ ኩነታት ጥዕናኹም (ንኣብነት፣ ናይ ጥዕና ጸገማት)
- መርዓ ፡ ስድራቤትን ትምህርትን (ንኣብነት፣ ጥንሲ)
- ምንስቓስን መጎዓዚያን (ንኣብነት፣ መምርሒ ፍቓድ ፡ ህዝባዊ መጎዓዝያ)
- ምዝንጋዕ ፡ ስፖርትን ናይ ዕረፍቲ ግዜን (ንኣብነት፣ ክፉት ዕድላት ፡ ኣባልነት ኣብ ክለባት)
- መዓልታዊ ንጥፈታት (ንኣብነት፣ ዕድጊ ፡ ርክባት ምስ ሰብ መዚ)

## ንናይ ስደት ድሕረ ባይታ ዘለዎም መንእሰያት ዝወሃብ ፍሉይ ሓለፋታት ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንመንእሰያት ስደተኛታት

ንኣሽቱ ሰባት ንመጀመርታ ግዚኦም ናብ ወጻኢ ሃገር ክኸዱ እንከለዉ ህንጡይነት ይፈጥረሎም እዩ ፡ ግን ከኣ ጸቕጢ ይገብረሎም እዩ። ኣብ ትምህርቲ ፡ ስልጠና ፡ ስራሕ ከሙኡ እውን ሓድሽ ማሕበራዊ ዝምድናታት ኣብ ምፍጣርን ንዘሎ ፍሉይ ብድሆታት ክብድህዎ የድሊ። ስለዚ ፡ ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንመንእሰያት ስደተኛታት ፡ ውሱናት ጸገማትኩምን ሕቶታትኩምን ክትምልሱሎም ዝዓለመ ውልቃዊ ምኽርን ማዕዳን ፡ ጵዑቕ ደገፋትን ፡ ሓባራዊ ኣገልግሎታት ይልግስ።

ገለ ቀረብ ንምጥቃስ ፤ ኣብዘም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣርእስታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ፡

- ስርዓተ ትምህርትን ስልጠናን
- ውልቃዊ ስልጠናን ፡ ሞያዊ መደባትን (ምስ ዘቤታውያን ወከልቲ ስራሕ ብምትሕብባር)
- ኣብ ኩሉ መዳያት ማሕበራዊ ፡ ባህላውን ፖለቲካውን ሂወታት ንምስታፍ
- ዝምድናታት ምስ ሓደስቲ መራኸቢታት ፤ ብፍላይ ምስ መደባት መምሃሪ ጀርመን




## ምኽርን ማዕዳን ብቐጥታ ብመርበብ ኢንተርነት

ኪኖ እቲ ብኣካል ዝወሃብ ምኽርን ማዕዳን ፡ ኩሎም መደባት ብመንገዲ መርበባት ኢንተርነት ብቐጥታ ዝወሃብ ናይ ምኽርን ማዕዳን ዕድላት ኣለዎም። እቲ ብቐጥታ ብመርበብ ኢንተርነት ዝወሃብ ምኽርን ማዕዳን „mbeon" ን ፡ ዓቢ ባብ ምኽርን ማዕዳን jmd4you ሓጺር ጽሑፍ ብምግዳፍ ጥራይ ሕቶታኩም ንኽምለሰልኩም ይሕግዘኩም!

ብመንገዲ mbeon ኣቢልኩም ፡ ውልቃዊ መምርሒታትን ደገፋትን ኣብቲ ናይ መዕለሊ ሳንዱቕ (Chat-Format) ክትቕበሉ ኢኹም ፡ ሕቶታትኩም ከኣ በታ ኣብ ከባቢ እታ ሰዓት ዘላ ክትሰዱ ትኽእሉ። ምኽርን ማዕዳን ብመንገዲ mbeon ኣፕሊኬሽን ብብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ስለዝዳሎ ፡ ብቋንቋኹም ዝዛረቡ ንዓኹም ዝተዳለዉ ኣማኸርቲ ክትረኽቡ ኢኹም።

- www.mbeon.de

ክሳብ 27 ዓመት ንዘለኹም መንእሰያት ስደተኛታት ፣ ብመርበብ ኢንተርነት ብቐጥታ ምኽርን ማዕዳን እትረኽቡሉ ተኽእሎታት ኣሎ። ሕቶታትኩም ብመንገዲ እቲ መዕለሊ ሳንዱቕ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ፣ ወይ እውን ብውልቅኹም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። መልስታት በቶም ምኩራት ኣባላት ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ንመንእሰያት ስደተኛታት JMD ክወሃበኩም እዩ።

- ጀርመን *www.jmd4you.de* ፣ ከምኡ'ውን ብ
- እንግሊዝ *www.your-way-in-germany.org*
- ሩስያ *www.putjwgermaniju.org*
- ቱርኪ *www.almanyayolu.org*
- ዓረብ *www.bousaletuk-fi-almanya.org*
- ኣልባንያ *www.udherrefyesi-gjermani.org*

ኩሉ ግዜ ንኣባላት ስራቤትኩም ፣ ኣዕሩኽቱኹም ዝኾኑ ሰባት፣ መሳርሕትኹም ፣ መማህርትኹም ፣ ደቂ ገዛኹም (መናብርትኹም) ወይ ኣባላት ናይ ስፖርት ክለብኩም ብዛዕባ ጭቡጣት ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ዝወሃበሉ ሕተትዎም።

ዝያዳ ብምድላይ ተጠቀምትን ተረባሕትን ነጻ ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ኩኑ!

## ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ኣበይ ክትረኽቡ ትኽእሉ?

ሓበሬታ ጮቡጣት ኣገልግሎታት ምኽርን ማዕዳን ካብዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣብ ዞባኹም ዝርከቡ ትካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ። ብፍሉይ ንምጥቃስ ካብ ፡

- ምምሕዳራት ናይ ምምሕዳር ከባቢ ፡ ከተማ ወይ ዞባ (Gemeinde-, Stadt- oder Kreisverwaltungen)
- ኣብ ጽላል ማሕበራት ዝዓያ ብሓባራዊ ሕጊ ዝምርሓ ናይ ግብረ-ሰናይ ማሕበራት (ግብረሰናይ ንድሕነት ሰራሕተኛታት (Arbeiterwohlafhrt)፣ ማሕበር ካሪታስ ጀርመን (Deutscher Caritasverband)፣ ዲያኮኒ ጀርመን - ወንጌላዊያን ማሕበር ግብረሰናይ ሓልዮታዊ ስራሕን ምዕባለን (Diakonie Deutschland-Evangelisches Werk für Diakonie und Entwicklung)፣ ቀይሕ መስቀል ጀርመን (Deutsches Rotes Kreuz)፣ ማሕበር ማዕርነት ግብረሰናይ ጀርመን (Deutscher Paritätischer Wohlfahrtsverband)፣ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ግብረሰናይ ኣይሁዳውያን ኣብ ጀርመን (Zentralwohlfahrtsstelle der Juden in Deutschland))
- ፈደሬሽን ናይ ዝተፈናቐሉ (Bund der Vertriebenen)
- ዓለም ለኻውያን ፈደረሽናት (Internationaler Bund)
- ወሃብቲ ማሕበራዊ ዕዮ ንመንእሰያት (Träger der Jugendsozialarbeit)
- ወሃብቲ ውሁድ ስልጠናታት (Träger der Integrationskurse)

## ኣብ መርበብ ኢንተርነት ሓበሬታ ክትረኽቡሎም እትኽእሉ ኣድራሻታት፡

- *www.bamf.de/DE/Themen/Integration/ZugewanderteTeilnehmende/BeratungErwachsene/beratung-erwachsene-node.html*
- *www.mbeon.de* ከምኡ' ድማ
- *www.facebook.com/mbeon.chat*
- *www.jugendmigrationsdienste.de*

## ሕታም

**ኣሕታሚ፡**
Bundesamt für Migration und Flüchtlinge
90461 Nürnberg

**እዋን፡**
10 / 2020

**ሓተምቲ፡**
Silber Druck oHG, Lohfelden

**ንድፊ፡**
MediaCompany - Agentur für Kommunikation GmbH

**ምስላዊ መረጋገጺታት፡**
istock / sturti, istock / lisegagne, istock / SDI Productions,
BAMF / Bildkraftwerk / Thomas Geiger

**ተኽእሎ ናይ ምጥላብ፡**
Publikationsstelle des Bundesamtes für Migration und Flüchtlinge
www.bamf.de / publikationen

እዚ ሕታም'ዚ ዋላ ንስንኩላት ዘኽብር PDF-ሰነድ ዳውንሎድ ጌርኩም ክተምጽእዎ ትኽእሉ፥ www.bamf.de / publikationen

እዚ ሕታም ብቤት ጽሕፈት ፍልሰትንን ስደትን ከም ኣካል ክፋል ስራሕ ህዝባዊ ዝምድናታት ዝተሓተመ እዩ። እዚ ሕታም ብነጻ ካብ ክፍሊት ዝዕደልን ፡ ንመሸጣ ዝሓለነን ኣይኮነን።

ብጽሑና ኣብ
www.facebook.com/bamf.socialmedia
@BAMF_Dialog
www.bamf.de

Other Language ?
www.bamf.de/publikationen